# ፖሊቲካን ስፖርትን

ብኣንቶንዮ ተስፋይ

16 ጥቅምቲ 2015

ካልኦት ክፋላት

- 1ይ ክፋል 16 Oct. 2015)
- 2ይ ክፋል 16 Oct. 2015)
- 3ይ ክፋል 16 Oct. 2015)

## ሳልሳይ መወዳእታ ክፋል

ስፖርት ኣይዲያል (Ideal) ዘይፖለቲካዊ ትካልን ምንቅስቓስን ኮይኑ ተበግሶታቱ ንምሕዝነትን፡ ሰላምን፡ ብኡ ኣገባብ ከኣ ካብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ጀሚሩ ክሳብ ኣሕጉራዊ ሕብረተ ሰብ ኣብ ዝተፈላልየ ዓይነት ደረጃ ስፖርታዊ ንጥፍታት ብቕዓታቶም ክእለቶም ዘርእይሉን ዝወዳደርሉን ባይታ ወይ ዓውደ ስፖርት፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ፡ ሰኪዔት፡ ቅድድም ብሽክለታ፡ ቅድድም እግሪ ኮታ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ተቐባልነት ዝረኸበ ዜጋታት ንዘጥረይዎ ዓቕምን ክእለትን ተወዳዲሮም ዝሕዝዎ ደረጃን ተርታን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንህዝቦም መሓዙቶምን ከም ምርኢት ሓባራዊ ኣህጉራዊ ምትእኽኻብ ዝካየደሉ ምዕሩግ ባህሊ እዩ ክበሃል ይከኣል። እሞ ሎሚ ከመይ'ሉ እዩ እዝስ ፖለቲካ ዝኸውን ዝብል ሕቶ ክመጽእ ይኽእል'ዩ፡ ልክዕ'ዩ ድማ። ግን ትሕዝቶ ስፖርት ዘይኮነ ነቲ ስፖርት ዘመሓድርን ዘካይድን ኣባላት'ቲ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝኾኑ ሃገራን ወይ መንግስታትን'ዮም ነቲ ስፖርት ቃና ፖለቲካ ሓደ ሽነኽ፡ ውጹዓትን ጭቅቁናት ዜጋታት ድማ በቲ ካልእ ሽነኽ ንፖለቲካዊ መርገጾምን እምነቶምን ዘርእይሉን ዝገልጽሉን ከም ሓደ ፍሉይ መድረኽ ንስለ ዝጥቀምሉ ስፖርት ካብ ምሕዝነታውን ሰላምውን ሓሊፉ ኣብ መድረኽ ፖለቲካ፡ ኣብ ፍልልያት ኣረኣእያታት ይበጽሕ።

ኣብ 70ታትን 80ታትን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ብፍላይ ኣብ ኦሊምፒክስ ተዓወቲ ኮይኖም ዜጋታተን ዝሸለምዎ ዝነበሩ ወርቂ መዳልያታት፡ ኣብ'ተን ዓበይቲ ሃገራት ከም ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሶቬት ሕብረት፡ ምብራቕ ጀርመን፡ ቻይና ዝኣመሳሰላ ሃገራት'ዩ ዝያዳ ዝረአ ዝነበረ።

ዓለም ለኻዊ ውድድር ስፖርት ከም ኣብነት ዝተጠቕሰ ኣብ ውድድራት ኦሊምፒክ ብምክፋል፡ ብደረጃ ውልቀ ሰባት ጥራሕ ዘይኮነ ገገለ ሃገራት ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርታዊ ውድድር ተሳቲፈን ተዓወቲ ኮይነን እኩብ ድምር 40፡50 ወርቂ መዳልያ ሓፊሰን ክኸዳ እንከለዋ ንኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም ዘመሓላልፎ ፍሉይ መልእኽቲ ነይርዎ'ዩ። እቲ መልእኽቲ ከኣ ፖለቲካዊ መልእኽቲ ኮይኑ ኣብ ምምሕዳራተን ብፍላይ ኣብ ምህንጻ ጥዑያትን ሓያላትን ዜጋታት ወይ ወለዶ ዘለወን ፡ ሰላምን ራህዋን ዘለወን ሃገራት፡ ማዕርነትን ሓርነት ዜጋታተን ዘለወን ንምምሳል'ዩ። እዚ ጉዳይ ግን ላህመታዊ'ኳ እንተኾነ ንዓለም ዘመሓላልፎ ንጹር ምሕደራዊ ፖለቲካ'ዩ። እተን ሃገራት ዜጋታተን ዝጭቁና፡ ነጻነት ሓሳብካ ምግላጽ ዘይነበረንከኣ እየን ። ግን ከኣ መወዳድርቲ ዘይብሉ ሽልማት ይሓፍሳ ነበራ።

ተመልከቱ፡ ብፍላይ ኣብ'ተን ዴሳውያን ወይ ምብራቓውያን ተባሂለን ዝፍለጣ ዝነበራ ሃገራት፡ ኣቓልቦ ሕብረተ ሰብ ዓለምን ንምስሓብ፡ ንገገለ ፍሉያት ዜጋታት ሓለፋ ብዘለዎ ሓልዮንትን ምንክብኻብን ብምርጫ ይኹን ካልእ ንሓደ ፍሉይ ዕላማ ዘሰልጥንዎም'ምበር፡ ኩሎም ዜጋታት እተን ሃገራት ብማዕረ ተወዳዲሮም ብክእለቶምን ዓቕሞም ዝተመርጹ ዘይምንባሮም'ዩ። ድሒሩ ዓለም እንዳማዕበለን ሰልጣነ ኣብ ዝመጸሉ ነዞም ዜጋታት ዕዉታት ኮይኖም ኣብ ዝካፈልዎ ውድድራት ጸብለልትነት ክርእዩ ተባሂሉ ዝግበር ዝነበረ ፍሉይን ሓለፋን ዘለዎ ኣተሓሕዛ ናብዮት ምክንኻን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ጭዋዳታቶም ክሕይል፡ ኣብ ውድድራት ሓጺረ ትንፋስ ከየጋጥሞም፡ ድኻም ከይስምዖም ዝተፈላለየ መድሃኒታት ብምጥቃም ንውድድር ዝምረጹ ዜጋትት ምንባሮም ተፈሊጡ'ዩ። እዚ ከኣ ሃገራት

ብዘይኣገባብ ሽም ንኽረኽባ ዝገብርኦ ዝነበራ ምኳኑ ይግለጽ። እቲ ክረኽብኦ ዝጽዕራ ዝነበራ ስያመ ከኣ ቅኑዕን ሰብኣዊ ምሕደራ ከም ዘለወን ልዑል ሰብኣዊ ክብሪ ብስፖርትን ዲስፕሊንን ዝተሃነጹ ዜጋታት ከም ዘፍርያ ንምግላጽ'ዩ። ስለ'ዚ በዚ መዳይ ክምጸን ከሎ ሰባት ይፍተዉ ይጽልኡ ስፖርት ብፖለቲካ ተዓብሊሉ ክኸይድ ጸኒሑ'ዩ። ጽልዋን ነጻብራቕን'ውን ኣርእዩ። ፍልልያት ኣብ መርገጽ፡ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ኣርእዩ። እምበር ካብ'ዚ ብምቕጻል ከም'ዚ ልዕል'ሉ ክግለጽ ዝጸንሐ ገገለ ኣብ ዝሓለፈ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ወይ ዓለም ለኻዊ ውድድራት ስፖርት ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ ኣብ ስፖርት ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ሓዘል ጉዳያት ከም ኣብነት ከቕርብ ክፍት'የ።

ኣብ 1992 ኣብ ሃገር ሽወደን ዝተኻየደ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ንዋንጫ ኤውሮጳ፡ ኣብ ባልካን ዝብካየድ ዝነበረ ኲናት ዩጎዝላቪያ ንተሳታፍነት ኣብ ዝተጋብረ መጻረዪ ሓሊፋ ክነሳ ብሰንኪ'ቲ ንዩጎስላቪያ ዝመቃቕለ ኲናት ስለ ዝተኣገደት፡ ኣብ ክንዲ ዩጎዝላቪያ ዴንማርክ ንቦታ ተኪኣ።

1994 ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝተኻየደ ውድድር ዋንጫ ዓለም ኩዕሶ እግሪ፡ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ኮሎምቢያ ብጌጋ ዘእተዋ ጎል ( Aouto gool ) ንዓዱ ምስ ተመለሰ፡ ስፖርት ምዃኑ ተረሲዑ ንሃገሩ ከም ዘሕፈረን ዘዋረደን ተቖጺሩ ብኢድ ሰባት ኣብ ጎደና ተቐቲሉ። እዚ ሓደ ካብ'ቲ ክልተ ዝተፈላለየ ተርእዮ ወይ ተርኽቦ ኣብ ክልተ ደረጃታት ብኣህጉራውን ሓደ ወልቀ ዜጋን ዝተፈጸመ ፖለቲካዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎ እቲ ሓደ እገዳ፡ እቲ ሓደ ከኣ ሂወት ክሳብ ምስኣን ዝተወሰደ ስጉምቲ እዩ።

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ፡ ዓለም ሃገራት ኣብ ክልተ ደምበ ተኻፋፊለን 1942- 1989 ማለት ክሳብ እቲ ምልክት ምክፍፋል ደምበታት ዝነበረ ዓብይ ሓወልቲ መንደቕ በርሊን ዝፈርስ ዝነበረ ግዜ'ዩ። ኣብ'ዚ ዓመታት'ዚ ሰዓብቲ ወይ ተኸተልቲ ዴሳውያንን፡ ርእሰማላውያንን ደምበታት ምስ'ተ ዝዛመድኣን ሃገራት ወገን ብምዃን ኣብ ስፖርት ዘርኣይኦ ሻርነት ውሑድ ኣይነበረን። እዚ ጸግዒን ሻርነትን ከመይ ይመስል ከም ዝነበረ ብሕጽር ዝበለ ኣገደስቲ መድረኻት እንሆ።

ዓለም ለኻዊ ውድድር ስፖርት ኣብ 1908'ዩ ጀሚሩ። ካብ ግዜ ንግዜ ከኣ እንዳዓብየን እንዳሰፍሐን እንዳማዕበል፡ ዝርግሐ ተሳተፍቲ ሃገራት'ውን እንዳበዝሐ መጺ። ምስ ምብዛሕ ሃገራት ውድድራትን ዓይነት ዝተፈላልየ ስፖርትታት ነጸብረቕታ ፖለቲካ ካልእ'ውን ምስ መንፈስ ስፖርት ዘይከይድ፡ ምትፍናን፡ ምንፍፋግ፡ ጽልኢ፡ እገዳ ኣፈላልይ ዓሌት ወዘተ ብማዕረ ማዕረ ክቕልቀል ጀመረ።

ኣብ ገገለ ዓመታት ብሰንኪ ቀዳማይን ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝተሰረዘ ውድድራት ከም ዝነበረ ብምጥቃስ ፖለቲካ ኲናት ዝለዓለ ዓንቓፊ ከም ዝነበረ ክግለጽ ይከኣል።

## <u>1936 በርሊን ጀርመን</u>

ኣዶልፍ ሂትለ ኣብ ስለጣን ድሕሪ ምምጽኡ ድሕሪ 3 ዓመት ውድድር ኣህጉራዊ ኦሊምፒክ ኣብ ሃገር ጀርመን በርሊን ተኻይዱ። ኣብ'ዚ እዋን ጀርመን ድሒሩ ብናዚ ዝተፈልጠ ብኣዶልፍ ሂትለ ዝምራሕ መንግስቲ ጀርመን ዘርኣዮ ዓሌታዊ ፍልልይ ከም ኣብነት ብዘይካ እቶም ብኣዶልፍ ሂትለር መማኽርቱን ዝተመርጹን ዝተመስከረሎምን ጹርያት ዝበሃሉ ጀርመናውያን፡ ኣብ ዝገበርዎ ውድድራት ዝተዓወቱ እንተዘይኮይኖም፡ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ካብ ኢድ ኣዶልፍ ሂትለር ዝተቀበልዎ ሽልማት ይኹን ሞጎስን ሰላምታን ዝተዋህቦም የለውን። ብፍላይ ኣብ ታሪኽ ዝገለጽ ከኣ ኣብ ልዕሊ ጸሊም ኣሜሪካዊ ኦውን ጀሲ (Owens Jesse) እዩ። ኦውን ጀስ ኣብ ቅድድም ጉያ እግሪ ርሕቀት 4x100 ዘመዝገቦ ዓወት ዝረኸቦ ሽልማትን፡ ኣዶልፍ ሂትለር ( ኢድ ንኢድ) ሰላም ክብሎ ከም ዘይደሊ፡ ሰላም ከም ዘይበሎን ዝፍለጥ። እዚ ከኣ ኣብ ስፖርት ሓደ ዓብይ ዓሌታዊ ኣፈላልይ ዘለዎ ሓደጋ ከም ዘጓነፈ ዝገልጽ'ዩ።

## 1956 መልበርን ኣውስትራልያ

ሶቬት ሕብረት ኣብ ሃንጋሪ ዝተኻየደ ህዝባዊ ናብዕብን ንምቅስቃስ ንምግእታ ኣብ ዘካየደቶ ወራር ብምቅዋም፡ ሓደ ሽነኽ፡ ኣብ መንጎ ግብጽን እስራኤልን ዝተኻየደ ኵናት፡ ሳልሳይ ኢድ ዝተሓወሶ፡ ስዌጽ ካናል ንምቁጽጻር ዝተኻየደ ጻኦሪ መንግስቲ ፈረንሳን ዓባይ ብርጣኒያን ካልኣይ ሽነኽ፡ ወራር ሶቬት ሕብረት ተቃዊመን ካብ ኤውሮጳ ሃገራት ሆላንድ፡ ስዊዝ፡ ስፐይን ተሳታፍነተን ክስሕባ ከለዋ፡ ብሰንኪ ኵናት ግብጽን እስራኤልን ከኣ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ግብጺ፡ ኢራቕ፡ሊብኖስ ስሒበን።

## 1964 ቶክዮ ጃፓን

ዓለም ለኻዊ ሽማግለ ኦሊምፒክ ንምሕደራ ዓሌታዊ ኣፈላላይ ምምሕዳር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣመልኪቱ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝኾነ ኣህጉራዊ ውድድራት ንኸይትሳተፍ ውሳኔ እገዳ ኣሕሊፉ።

## 1968 መክሲኮ ሲቲ መክሲኮ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ስለ ዝተጠቕሰ ዳግማይ ምጽሓፉ ኣየድልን፡

## 1976 ሞንትሪያል ካናዳ

ሩግብይ (Rugby) ኣብ መብዛሕትኦን ትሕቲ ግዝኣትን ምምሕዳር ዓባይ ብርጣኒያ ዝነበራ ሃገራት ዝካየድ ፍልይ ዝበለ ዓይነት ስፖርት'ዩ። ሃገር ኒውዚላን ምስ'ታ ብ1964 እገዳ ውድድራት ስፖርት ኦሊምፒክ ዝተነብረላ ሃገር ደቡብ ኣፍሪቃ ብምክፍል፡ ውሳኔ ዓለም ለኻዊ ሽማግለ ኦሊምፒክ ስለ ዝጠሓሰት ኣብ ሞንትሪያል ካናዳ ንዝግበር ውድድራት ክትሳተፍ የብላን ክብላ 25 ሃገራት ኣፍሪቃ ጥርዓን ኣቕሪበን። እዚ ጥራዓን ተቀባልነት ስለ ዘየረኸበ 25 ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከብኦን ኢራቕ ታይዋን ስሒበን።

1980 ሞስኮ ሶቬት ሕብረት

ሶቬት ሕብረት ንኣፍጋኒስታን ወታሃደራዊ ወራር ስለ ዘካየደ ብቀዳምነት መንግስቲ ኣሜሪካ ተቃውምዓ ኣምዐት። ብድሕሪ ተቃውሞን ኣሜሪካ ዝሰዓባ ብዙሓት ሃገራት ተራእየን። ዝበዝሓ ሃገራት ኤውሮጳ ኮይነን ካብ ዝተፈላልያ ክፍለ ዓለማ'ውን ብድምር 65 ሃገራት ካብ ውድድር ስሒበን።

## 1984 ሎስ ኣንጀለስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ

ብምኽንያት ወራር ሶቪተ ሕብረት ንኣፍጋኒስታን ዝተላዕለ ተቃውሞ ዘይምስታፍ ምዕራብ ሃገራትን ሰዓብተንን፡ ከም ሓድሽ እቲ ብዴሳዊ ደምበ ዝፍለጥ ወገን'ውን ከም ግብረ መልሲ 1980 ነቲ ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝካየድ ውድድር ካብ ምስታፍ ጠጠው ዝበላ 14 ሃገራት (East Block) ከምኡ ሊብያን ኢራንን።

## 1988 ስዎኦል ደቡብ ኮሪያ

ዓለም ለኻዊ ሽማግለ ኦሊምፒክ ነቲ ብርእሰማላውያንን፡ ዴሳውያንን ዝፍለጥ ዝነበረ ክልተ ፖለቲካዊ ደምበታት ዘረሓሓቕን ዝፈላልይን ጉዳይ ንምፍታሕ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1986 ኣብ መክሲኮ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ነዚ ክልተ ደምበታት ንምትዕራቕን ንምቅርራባትን ሓደ ሓደ ምምሕያሻት ብምግባር ስምምዓት በጺሑ። ሓደ ካብ'ቲ ኣውራ

ስምምዓት ውድድራት ስፖርት ኦሊምፒክ ካብ'ቲ ዝተበገሰሉ ዕላማ ንኽይወጽእ ኩሉ ብማዕረ ተሳትፍነቱ ክረጋግጽ ዝበል ነበረ። በዚ መሰረት ነቲ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ደቡብ ኮርያ ንምክያድ ዝነበረ መደባት ምቅርራብ ኣብ ዝጀመረሉ፡ ሓድሽ ሓሳብ ብሃገር ኵባ ቀረበ። እቲ ሓሳብ ሃገር ኵባ ከኣ ከም'ዚ ይብል "ቀጻልነት ተሳትፎ መላእ ዓለም ክረጋገጽ እቲ ውድድራት ስፖርት ኦሊምፒክ ኣብ ክልቲኤን ሃገራት፡ ማለት ኣብ ሰሜንን ደቡብ ኮርያን ክካየድ ኣለዎ " ዝብል ሓሳብ ነበረ። ኵባ ንዘቅረበቶ ሓሳብ ሰሜን ኮርያ ክትደፍኣሉ'ውን ተነገራን ተገብረ። ሰሜን ኮርያ'ውን ነዚ ሓሳብ ተቐቢላ ሓደሽቲ ጠለባትን መደባን ኣቅረበት።

ነዚ ሓድሽ ሓሳብ ንምፍታሕ ኣብ ሉስያና ስዊዝ ዝተኻየደ ዋዕላ ኣህጉራዊ ሽማግለ ኦሊምፒክ ነቲ ጉዳይ ብኣውንታ ተቀቢሉ ፍታሕ ከናዲ ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ሰሜን ኮርያ ተወሳኺ ጠለባት ኣቕረበት። ካብ'ቲ ሰሜን ኮርያ ዘቅረበቶ ፍሉይን ተወሳኺ ጠለባት ከኣ ቀዳማይ ነገር ካብ'ቲ 23 ዓይነት ስፖርታዊ ውድድራት ኦሊምፒክ፡ እቲ ፍትዉን ፍሉጥን ዝኾነ 11 ዓይነት ስፖርት ውድድራቱን ኣብ ሰሜን ኮርያ ክካይድ። ብዘይክኡ መኽፈትን መዕጸውን ስነ ስርዓትን መደብ ኦሊምፒክ ኣብ ሰሜን ኮርያ ጀምሩ፡ ኣብ ሰሜን ኮሪያ ክውዳእ ዝብለ ነበረ። ብዝተረፈ ካብ'ዚ ንታሕቲ ካልእ ፍታሕ ከም ዘይትቅበል ሰሜን ኮሩያ ኣፍለጠት። እቲ ጉዳይ እንዳተሓላለኸ ስለ ዝመጸ፡ ነዚ ሓድሽ ጠለባት ንምትግባር ዘይከኣል ኮነ። ነቲ ካብ ነዊሕ ክስርሓሉ ጀሚሩ ዝነበረ መደባት ስለ ዝዕንቅፍ ከኣ ጠለባት ሰሜን ኮርያ ከም ቅቡል ስለ ዘይተወሰደን ኣብ ስምምዕ ስለ ዘየተበጽሐን፡ ደቡብ ኮርያ ሙሉእ ብሙሉእ ከተዳልዎ ተዋህበት።

በዚ ምኽንያት ተቃውሞታት ዘርኣያ ሃገራት ስሜን ኮርያ ንባዕላ፡ እታ ሃንዳሲት ሓሳብን መደብን ዝኸነት ብቀንዳ ሃገር ኵባ፡ኣልባኒያ፡ ኢትዮጵያ፡ ኒካርጉዋ፡ ማዳጋስካር፡ስቺለስ ዝኣመሰላ ሃገራት ካብ ተሳትፎ ስሓባ።

## <u>መደምደምታ</u>

እዚ ብሕጽር ዝበለ ኣህጉራዊ ጠመተ ስፖርትን ፖለትካን'ዩ። እወ፡ ድሌት ስፖርት ክኸውን ዝነበሮን ዘለዎን በዚ ዝተገልጸ ሓጺር ጽማቕ ትሕዝቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ብስፍሕ ዝበለ ኮይኑ መንፈሱን ዓላምኡ ንምሕዝነት ሰላም



ዝምድናታት ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ቅኑዕ'ኳ እንተኾነ ከም'ቲ ኣብ መእተዊ እዚ ክፋል ዝገለጽክዎ፡ መድረኽ ውድድር ኦሊምፒክ፡ መድረኽ ፖለቲካዊ ተቃውሞ ሓደ ሸነኽ፡ መድረኽ ሰብኣዊ መሰል ዝረጋገጽሉ ካልኣይ ሸነኽ ከም ዓብይ ዕድል ስለ ዝረኣይዎን ዝተጠቕምሉን ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ክዝንበል ገይርዎ'ዩ። ብሓቂ ከኣ እቲ ብተግባር ዝተራእየን ዝተፈጸመን ፖለቲካዊ ስርሒት ከም መፍደይ ሕነን ግብረ መስልን ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ኣብ ጉዳይ ሃገርና ተመሊስና ክንርእዮ ከለና ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንውሽጣዊ ህዝባን ሃገራውን ጉዳያት ክጥምዝዝ ጉዳይ ሃገራዊ ስፖርት፡ ንሃገራዊ ፖለቲካ ክዕብልል እሞ ብፍላይ ንመናውሒ ስልጣኑ ክጥቀመሉ ንሓንቲ ክሊኢት'ኳ ትኾን ዓይኑ ከም ዘይሓስን ከም ዘይጠራጠርን ፍሉጥን ርዱእን'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንሽም'ዚ ዝኣመሰል መኣዲ ኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም ከኣ ንረብሓኡ ንምቕያር ሰገጥ ከም ዘይብል ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ቲ ምልካዊ መደባት ካብ ዝሰሮያም ኣጀንዳታት ቀዳምነት ዝውሃቦ ምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን።

ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ካልእ ዘቤታዊ ዕዮታት ኣወንዚፉ ኣብ ፈቐዶ መድረኽ ኣህጉራዊ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ብስም ሓድነት ሃገርን ህጸት መጻኢ ወለዶ መንእሰያት ኤርትራ ፕሮፓጋንዳ ከም ዘካይደሉ ተራእዩ'ዩ። ተሰሪሑሉ'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ይትረፍ ብተሳትፎ መላእ ዓለም ዝካየድ ውድድራትስ ኣብ ሜዳ ቺቾሮ ( ንግስተ ሳባ) ዝካየድ ሃገራዊ ጽምብላት ብዝተወረቐ ሓሶት፡ ብሪቕሪቕ ሕብርታት ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ንህላውነት ማሕበራዊ ፍትሕን፡ ማሕበራዊ ናብራ፡ ትሕዝቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰል ክብሪ ዜጋታት ንምሽፋን ብኽመይ ክገልጾ ከም ዝፍትን ዓብይ ኣብነታዊ መርኣያ'ዩ። ኣብ ተግባር ግን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ግፍዒ፡ ራዕዲ፡ ማእሰርቲ፡ ቅትለት

ዝናበርን ዝመሓደርን ከም ዝኾነ ካብ ኣፍልጦ ማንም ዜጋ ዝተኸወለ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ስፖርት ፖለቲካ ድዩ ኣይኮነን ኣንባቢ ባዕሉ ተርዲኡ ባዕሉ ገምጋምን ሚዛን ክወስድ፡ ምስ ቦታን ከባቢን ኣዛሚዱ ከኣ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ መግለጺ ክበጽሕ ዘኽእል'ዩ። ስፖርት ኣብ መድረኽ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ 100% ፖለቲካ ስለ ዝኾነ ንምድጋፉን ንምቅዋሙን ልክዕ ብዓይኒ ፖለቲካ'ዩ ክረአን ክግምገምን ዘለዎን ዝግብኦን። ንኣካይዳን ኣተሓሕዛን ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ስፖርት ክህሉ ዝኽእል ሚዛንን፡ ኣብ ኣድማሳዊ ሚዛን ስፖርትን ክፈላለ ግደንት'ዩ። ስለ'ዚ ነቲ ይሕዝቶ ስፖርት ህ.ግ.ዲ.ፍ ክሳብ ኣብ ኢዱ ዘሎ ኣድማሳዊ ገቢርካ ክትርእዮ ኣዝዩ ንህዝብን ሃገርን ጎዳኢ'ዩ።

ንሕና ዘይኮናስ ከም'ቲ ብተደጋጋሚ ንሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ካልኦት ስፖርታውያን ስነ ኪነታውያን ዘጋጠመ ሓደጋ ዘምልክቶ፡ ነቶም ስፖርትን ፖለቲካ ኣይኮነን ዝብል ሓሳብ ንውንን ትጋገዩ ኣለኹም ዝብል መልሲ'ዩ። ንሃገራዊት ጋንታ ወኪሎም ክሳብ ንፖለቲካዊ ዕቑባ ዝበጽሑ መንእሰያት ወለዶ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘጋጥሞም ጸገማት መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሕቶ ብዘይምፍትሑ ህ.ግ.ዲ.ፍ ክሳብ ዘሎ ስፖርት ሕደ ካብ'ቲ ህ.ግ.ዲ.ፋዊ ንጥፈታት ምዃኑ ሓሊፉ ብካልእ ክምዘንን ክግምገምን ኣይክእልን ንዝብል ሓሳብ ክመርሕ ይኽእል'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ብዘይካይዶ ዓይነት ተግባራት ክግጠም ኣለዎ ንዝብል ሓሳብ'ውን ኣብ ህ.ግ.ዲ.ፍ ስፖርት ፖለቲካ ምዃኑ'ዩ ዝሕብር ዘሎ። ምእንቲ'ዚ ህ.ግ.ዲ.ፍ ስፖርት መሳርሒየይ'ዩ እንዳበለ፡ ደሓን ስፖርት ፖለቲካ ኣይኮነን እንዳበለካ ምሕሳብ ዘቃዱ ኣይኮነን።



## <u>መተሓሳሰቢ</u>

እዚ ኣብ ላዕሊ ትርእይዎ ስእሊ፡ ህጻናት ኤርትራ ኣብ ሽወደን ካብ ዝገብርዎ ውድድራት ኣብ ዝተፈላልየ ክልተ ግዜ ተዓዊቶም። ብሓቂ ከኣ ኣድናቆት ክብሪ ረኺቦም'ዮም። እንተኾነ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ግን ንፖለቲካዊ'ምበር፡ ስፖርት ከም ስፖርት መጠን ከም መጻኢ ወለዶ ስፖርት ዝግባእ ሓሊዮትን ናብዮትን፡ ምሕብሕባን፡ ምትሕብባርን ዘይገበረሎም ተራእዮም ዝጠፍኡ ህጻናት ኤርትራውያን'ዮም። ካብ'ቲ ዝገርምን ዘደንቕን ከኣ እዞም ህጻናት ብዘይ ገለ መንግስታዊ ወጻኢታት ባዕሎም ዝተመልመሉን ዝተሃንጹን ክእለቶም ዘማዕበሉን ህጻናት ብምንባሮም'ዩ።

**ተፈጸመ**

<u>ካልኦት ክፋላት ኣብ ታሕቲ ጠውቑ፡-</u>

- <u>1ይ ክፋል</u> 16 Oct. 2015) <u>2ይ ክፋል</u> 16 Oct. 2015) <u>3ይ ክፋል</u> 16 Oct. 2015)

Copyright © 2013 - 2015 www.snitna.com